TERRE DES FEMMES

# STOP CHILD MARRIAGE

## ሓበሬታ ንትሕቲ 18 ዓመት

ትግሪኛ - Tigrinya

# ትሕዝቶ

**መርዓ ኣብ ጀርመን** 3

**ሕጊታት ኣብ ጀርመን** 4

- ዕድመ ምምርዓው ኣብ ጀርመን
- ኣብ ትሕቲ 16 ዓመት ዕድመይ ከለኹ እንተ ተመርዓውኩ እንታይ ከጋጥመኒ ይኽእል?
- ጓል 16 ወይ 17 ዓመት ከለኹ ተመርዕየ እንተ ነበርኩ እንታይ ከጋጥመኒ ይኽእል?
- ትሕቲ 18 ዓመት ከለኹ እንተ ተመርዓውኩ ካብ ጀርመን ክወጽእ' ዶ ይግደድ እየ?
- ጥንስቲ ወይ ኣደ ቆልዑ እንተ ኾንኩ እንታይ የጋጥመኒ?

**ናይ መማኽርቲ ቤት ጽሕፈታት ኣብ ጀርመን** 11

**መሰል ህጻናት ኣብ ጀርመን** 12

**ቴር ደፋም TERRE DES FEMMES** 13

**ርኽብ - IMPRINT**

# መርዓ ኣብ ጀርመን



መርዓ ኣብ ሂወት ሰብ ኣገዳሲ ፍጻመ እዩ። ስለዚ ኸኣ ኣብ ኩለን ሃገራት ሓዳር ንምትካል ዘብቅዕ እንተ ወሓደ ክብጻሕ ዝግብኦ ዕድመ ኣሎ።  እቲ ዝውቱር ዕድመ ከኣ 18 ዓመት እዩ። ናይ መብዛሕትኦም ሰባት ግና፣ ብፍላይ ከኣ ናይ ደቂ ኣንስትዮ መርዓ ናይ 18 ዓመት ዕድመ ከይተበጽሔ እዩ ዝፍጸም። ምናልባሽ ንስኺ' ኸ ሓንቲ ካብኣተን ' ዶ ትኾኒ? ኣብ ናይ 15 ወይ 16 ዓመት ዕድመ ወይ እውን ኣብ ካብኡ ዝተሓተ ዕድመ ምምርዓው ብዙሕ ምክንያት ክህልዎ ይኽእል።

- ባህሊ ሃገርኩም ከምኡ ስለ ዝኾነ ስድራኺ ንዓኺ ዝከውን በዓል ሓዳር'ዶ ረኺቦሙልኪ እዮም?
- ካብ ሃገርኪ ተሰዲድኪ ወጺእኪ (ምስ ስድራኺ ብምምኻር ) በዓል ሓዳር ዝያዳ ድሕነት ዘውሕስ እዩ ብምባል' ዶ ውሳነ ወሲድኪ ትኾኒ?
- ምምርዓውኪ ንቤተ ሰብኪ ናይ ገንዘብ ሓገዝ ምርካብ ንምኽኣል ኣድላዪ' ዶ ነይሩ' ዩ?
- ንኽትምርዓዊ ተገዲድኪ'ዶ ኢኺ? ወይውን ክትቃወሚ ኣይከኣልክን ኢኺ? ምግዳድ ማለት ብዘይድልየትኪ ሓደ ነገር ምፍጻም ማለት እዩ።
- ናይ 18 ዕድመ ኣይመላእክን ግን ቤተ ሰብኪ መርዓ ይምድቡልኪ ኣለዉ'ዶ  እዮም?
- ናይ 18 ዕድመ ኣይመላእክን ግን ንዓርክኺ ክትምርዓዊ ትደልዪ'ዶ ኣለኺ ኢኺ?

ንሓንቲ ካብዘን ኣብነታት ብ "እወ" እንተ ደኣ መሊስኪያ ኳንኪ፣
ብክብረትኪ ምንባብ ቀጽሊ። እዚ ሓበሬታ ንዓኺ ዝጠቅም እዩ።

# ሕጊታት ኣብ ጀርመን

## ዕድመ ምምርዓው ኣብ ጀርመን




ቀንዲ ነገር:

- ኣብ ጀርመን ኣብ ትሕቲ ናይ 18 ዓመት ዕድመኺ ክትምርዓዊ ኣይፍቀደልክን።
- ዕድመኺ ትሕቲ 18 ዓመት ከሎ ቤተ ሰብኺ መርዓ እንተ ኣዳለዉልኪ፣ ናይ መቕጻዕቲ ገንዘብ ክኸፍሉ  ይግደዱ።
- ንዓኺ ሓገዝ ይግበረልኪ። ኣብ ቤት ጽሕፈት መማኸርቲ ተሌፎን ክትድውሊ ትኽእሊ ኣብኡ ንዓኺ ዝርድኣኽን ዝሕግዛኽን ደቂ ኣንስትዮ ይርከባ።

---

ካብ 2017 ጀሚሩ ኣብ ጀርመን ናይ 18 ዓመት ዕድመ ዘየእከለ ሰብ ክምርዖ ኣይፍቀደሉን ዝብል ስርዓት ኣሎ። ምስዚ ስርዓት እዚ ዝጻረር ዝኾነ ፍሉይ ምኽንያት የለን። ቤተ ሰብኺ ዝበሉ እንተ በሉ፣ ናይ ጀርመን ዜግነት ይሃልውኪ ኣይሃሊዉኪ ዘገድስ ኣይኮነን። ንትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኡ ማንም ሰብ ኣብ ጀርመን መርዓ ኣይፍቀድን እዩ።

እዚ ምኽልካል እዚ ንሃይማኖታውን ባህላውን መርዓ እውን ይምልከት። ቤተ ሰብኺ እምበኣር መርዓ ወይ ሕጸ እንተ መደቡን ኣጋይሽ እንተ ዓደሙን ኣንጻር ሕጊ እዩ።  ስለዚ እውን ናይ መቕጻዕቲ ገንዘብ ይኸፍሉ። ምናባባሽ እውን ካብ  ጀርመን ከም ዝወጽኡ ይግበር። ስለዚ ኣቐዲምኪ ምስ ቤተ ሰብኺ ምዝርራብ ጠቓሚ እዩ። ኣብ ጀርመን መርዓ ትሕቲ 18 ፍቑድ ከም ዘይኮነ ኣረድእዮም። ነዚ ዝርርብ እዚ ንምፍጻም ሓገዝ ክትሓቲ ትኽእሊ።  ንኣብነት ካብ ቤት ጽሕፈት መማኸርቲ ንሕና 16 ቤት ጽሕፈታት መማኸርቲ ኣለዋና። ምእንቲ ክትርእይዮ ኣብ'ዚ  ታሕቲ ጽሒፍናልኪ ኣለና። ኣብ ቤት ጽሕፈት መማኸርቲ ዝሕግዛኺ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ስራሕ ተዋፊረን ይርከባ።

ዛጊት ተመርዒውኪ' ዶ ኢኺ? እምበኣር ምንባብ ቀጽሊ!

# ኣብ ትሕቲ 16 ዓመት ዕድመይ ከለኹ እንተ ተመርዓውኩ እንታይ ከጋጥመኒ ይኽእል?




ቀንዲ ነገር:

- ክትምርዓዊ ከለኺ ዕድመኺ ትሕቲ 16 ዓመት እንተ ደኣ ነይሩ፣ መርዓኺ ኣብ ጀርመን ተፈላጥነት የብሉን።
- ክልተ ፍሉይ ኩነታት ግና ኣሎ፤
  1. ንስኺ ቅድሚ 22.07 2017 ናይ መበል 18 ዕድመኺ መሊእኪ እንተ ደኣ ኬንኪ፣ ቃል ኪዳንኪ ኣብ ጀርመን ተፈላጥነት ኣለዎ።
  2. ቅድሚ ናብ ጀርመን ምምጻእኪ ናይ መበል 18 ዕድመኺ መሊእኪ እንተ ደኣ ኬንኪ፣ ቃል ኪዳንኪ ኣብ ጀርመን ተፈላጥነት ኣለዎ።
- ናብ ጀርመን ብዘይ ቤተ ሰብኪ መጺእኪ እንተ ደኣ ኬንኪ፣ ንዓኺ ካልእ ሰብ ናይ ሓልዮት ሓላፍነት ይወስደልኪ። እዚ ሰብ'ዚ *መጉዚትኪ* እዩ። መጉዚት፣ ሰብኣይ ወይ ሰበይቲ ክኸውን ይኽእል። መጉዚትኪ ሰበይቲ ክትከውን'ዶ ትደልዪ ኢኺ? ድልየትኪ ኣነጺርኪ ግለጺ። ሞግዚት ኣብ ክንዲ ቤተሰብኪ ኮይኑ ሓላፍነት ዝወስደልኪ ሰብ እዩ።
- ሕቶታት እንተ ደኣ ኣልዩኺ ናብ ቤት ጽሕፈት መማኸርቲ ክትድውሊ ትኽእሊ። ኣብኡ ዘሰርሓ ደቂ ኣንስትዮ ክሕግዛኺ እየን።

---

ክትምርዓዊ ከለኺ 16 ዓመት ኣይመላእክን' ዶ ኔርኪ፣ ሕጂ ኸኣ 18 ዓመት ኣይኣተውክን? ከምኡ እንተ ደኣ ኮይኑ ቃል ኪዳንኪ ኣብ ጀርመን ተፈላጥነት የብሉን። ተፈላጥነት ምህላው ማለት ተቐባልነት ምርካብ ማለት እዩ። እዚ' ኸ ንዓኺ ብኸመይ ይጸልወኪ?
ንስኺ ኣብ ጀርመን ከም ዘይምርዕውቲ ኢኺ ትፍለጢ። ጋና ምሉእ ዕድመ ስለ ዘይበጻሕኪ ኸኣ ንዓኺ ናይ ሓልዮት ሓላፍነት ዝወስደልኪ ሰብ የድልየኪ። ነዚ ሓላፍነት እዚ መብዛሕትኡ ግዜ ወለዲ ኢዮም ዝወስዱዎ። ኣብ ምሉእ ዕድመ ትኣትዊ ኣብ ናይ 18 ዕድመ ምስ በጻሕኪ እዩ። ናይ 18 ዓመት ዕድመ ምስ በጻሕኪ ውሳነታትኪ ባዕልኺ ክትፍጽሚ ትኽእሊ። ካብ ሽዑ ጀሚርኪ ኸኣ ንምውሳን ፍቓድ ካብ ስድራኺ ምውሳድ ኣይድልየክን።

ናብ ጀርመን ብዘይ ወለድኺ ምስ ሰብኣይኪ ጥራይ እንተ ደኣ መጺእኪ ኴንኪ፣ ክሳዕ 18 ትመልኢ ካልእ ሰብ ናይ ሓልዮት ሓላፍነት ይወስደልኪ። እዚ ሰብ' ዚ *መጕዚትኪ* ኢዩ። ሰበይቲ ወይ ሰብኣይ ክኣ ክኾውን ይኽእል። መጕዚትኪ ሰበይቲ ክትከውን ትደልዪ' ዶ ኢኺ? ድልየትኪ ኣነጺርኪ ግለጺ። ነዚ መጕዚት ዝቕርበልኪ በዓል ስልጣን፣ ቤት *ጽሕፈት ሓልዮት መንእሰያት* እዩ። ቤት ጽሕፈት ሓልዮት መንእሰያት ናይ መንግስቲ ኣካል እዩ። ንቖልዑትን መንእሰያትን ከኣ ይሕግዝ።

መጕዚት ብዛዕባ ድሕነትኪ ይግደስ። ሞግዚትኪ ንኣብነት ኣብ ጉዳይ ትነብርሉ ቤት ብዝምልከት ይሕግዘኪ። ብዛዕባ ትቕመጥሉ ቦታ ማለትዩ። ኣብ ጀርመን መንእሰያት ደቂ ኣንስትዮ ጥራይ ዝቕመጣሉ ኣባይቲ ኣሎ። ኣብኡ ኣለይቲ ይርከባ፣ – ጥራይ ደቂ ኣንስትዮ– ቋንቋኺ ዝዛረባን ዝሕግዛኽን። ብሓባር (ንስኺ፣ መጕዚትክን ኣላይትክን) ኴንክን ብዛዕባ ሂወትኪ ኣብ ጀርመን ክትዘራረባ ትኽእላ።

16 ዓመት ከይመላእኪ ዝተመርዓውኪ እንተ ደኣ ኴንኪ'ሞ፣ ሕጂ ኽኣ ልዕሊ 18 ዓመት እንተደኣ ኴንኪ ቁሩብ ብርትዕ ዝበለ እዩ።

ቅድሚ ኩሉ ግና ክልተ ሕቶታት:

1. ቅድሚ 22. 07 2017 ናይ መበል 18 ዓመት ዕድመኺ' ዶ መሊእኪ? እምበኣር መርዓኺ ኣብ ጀርመን ተፈላጥነት ኣለዎ።
2. ናብ ጀርመን ቅድሚ ምእታውኪ ናይ መበል 18 ዓመት ዕድመኺ'ዶ መሊእኪ? እምበኣር መርዓኺ ኣብ ጀርመን ተፈላጥነት ኣለዎ።

ንኽልቲኣን ሕቶታት ብ " ኣይኮነን " መሊስኪየንን ናይ መበል 16 ዕድመኺ ከይመላእኪ ዝተመርዓውክን'ዶ ኢኺ? እምበኣር ንስኺ ኣብ ጀርመን ከም ዘይምርዕውቲ ኢኺ ትፍለጢ። ኣስተውዕሊ! እዚ ኣብ ጀርመን ጥራሕ ኢዩ፣ ኣብ ሃገርኪ፣ ከም ቀደምኪ ከም ምርዕውቲ ኢኺ ትፍለጢ።

ናይ 18 ዕድመ ዝመለኢኪ ስለ ዝኾንኪ፣ ቤት ጽሕፈት ሓልዮት *መንእሰያት* ብቕጽበት ሓላፍነት ክወስደልኪ ኣይክእልን። ቤት ጽሕፈት ሓልዮት መንእሰያት ናይ ቆልዑን መንእሰያትን ሓላፍነት ዝስከም መንግስታዊ ኣካል እዩ። ምስ ሓንቲ ካብተን ቤት ጽሕፈታት መማኸርቲ እንተ ተራኺብኪ ዝበለጸ እዩ። ኣብተን ናይ መማኸርቲ ቤት ጽሕፈታት ዝርከባ ደቂ ኣንስትዮ ሓገዝ ክገብራልኪ እየን። ኣስማተን ዘርዚርናልኪ ኣለና።

ዝወርደኪ መቕጻዕቲ ስለ ዘየለን፣ እኳ ደኣ ኣብ ምውሳን ከም ተኻፋሊት ኴንኪ ርእይቶኺ ከተቕርቢ ስለ ዘኽእለክን፣ ንምምርዓውኪ ከም ምስጢር ጌርኪ ኣይትሓዝዮ። ትም ካብ ምባል፣ ርድኡኒ ምባል ይሓይሽ።

ጥንስቲ ወይ ኣደ ቆልዑ'ዶ ኢኺ ? ዋላውን ኣብ ከምኡ ኩነታት ሓገዝ ትረክቢ ኢኺ።

ክትምርዓዊ ከለኺ ጓል 16 ወይ 17 ዓመት'ዶ ኔርኪ? እምበኣር ብኽብረትኪ ምንባብ ቀጽሊ።

# ዓል 16 ወይ 17 ዓመት ከለኹ ተመርዕየ እንተ ነበርኩ እንታይ ከጋጥመኒ ይኽእል?




ቀንዲ ነገር:

- ክትምርዓዊ ከለኺ ዓል 16 ወይ 17 ዓመት እንተ ደኣ ኔርኪ ብቐዳምነት መርዓኺ ተፈላጥነት ይረክብ፣ እዚ ማለት ከኣ ቅቡል ይኸውን ማለት'ዩ።
- ሕጂ 18 ዓመት ዘይመላእኪ እንተ ኾንኪ ግና ቃል ኪዳንኪ ይለዓል። ምልዓል ቃል ኪዳን ከም ምፍታሕ ማለት ኢዩ። ኣብ ጀርመን ከኣ ከም ዘይምርዕውቲ ትፍለጢ።
- ኣብ ዝተጠቕሰ ዘይኣትው ክልተ ፍሉይ ኩነታት ኣሎ።
  1. ሃገርኪ ኣባል ሕብረት አውሮጳ'ዶ እያ? ከምኡ እንተ ደኣ ኮይኑ ቃል ኪዳንኪ ምናልባሽ ተፈላጥነት ክረክብ ይኽእል እዩ፡፡፡
  2. ኣብ ኣዝዩ ቀረባ ግዜ ናይ 18 ዓመት ዕድመ ክትመልኢ'ዶ ኢኺ? ድልየትኪ እንተ ደኣ ኮይኑ ቃል ኪዳንኪ ምናልባሽ ተፈላጥነት ክረክብ ይኽእል ይኸውን።
- ድሮ ናይ 18 ዓመት ዕድመ ዝመላእኪ እንተ ደኣ ኴንኪ፣ ቃል ኪዳንኪ ይቐጽል ወይ ኣይቐጽል ባዕልኺ ክትውስኒ ትኽእሊ።

---

ናይ 18 ዓመት ዕድመ ኣይመላእክን፣ ዓል 16 ወይ 17 ዓመት ከለኺ'ዶ ግን ተመርዒኺ?
ብቐዳምነት ቃል ኪዳንኪ ተፈላጥነት ኣለዎ፣ እዚ ከኣ ቅቡል እዩ ማለት እዩ። እንተኾነ ኣብ ጀርመን ዝኾነ ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኡ ሰብ ክምርዓው ኣይፍቀደሉን እዩ። ስለዚ ኸኣ እቲ ቃል ኪዳንኪ ኣብ ጀርመን ክለዓል ይግባእ። ምልዓል ቃል ኪዳን ማለት ከም ምፍታሕ ማለት እዩ። ድሕሪ ምልዓል ቃል ኪዳን ኣብ ጀርመን ከም ዘይምርዕውቲ ኢኺ ትፍለጢ።

ኣብ ዝተጠቕሰ ዘይኣትው ሒደት ፍሉይ ኩነታት ኣለዉ።
ሃገርኪ ኣባል ሕብረት አውሮጳ'ዶ እያ? ከምኡ እንተ ደኣ ኮይኑ ቃል ኪዳንኪ ምናልባሽ ተፈላጥነት ክረክብ ይኽእል ይኸውን።
ኣብ ኣዝዩ ቀረባ ግዜ ናይ 18 ዓመት ዕድመ ክትመልኢ'ዶ ኢኺ? ድልየትኪ እንተ ኮይኑ ቃል ኪዳንኪ ምናልባሽ ተፈላጥነት ክረክብ ይኽእል ይኸውን።
ድሮ ናይ 18 ዓመት ዕድመ ዝመላእኪ እንተ ደኣ ኴንኪ፣ ቃል ኪዳንኪ ይቐጽል ወይ ኣይቐጽል ባዕልኺ ክትውስኒ ትኽእሊ። ነዚ እውን ፈራዲ ወይ ፈራዲት ቤት ፍርዲ ይቕበልዎ።

ናይ 18 ዓመት ዕድመ ከይመላእኪ ብዘይ ወለድኺ ኣብ ጀርመን ትርከቢ እንተ ደኣ ኣለኺ ካብ ቤት ጽሕፈት ሓልዮት መንእሰያት ሓገዝ ትረኽቢ። ቤት ጽሕፈት ሓልዮት መንእሰያት ንቆልዑን ንመንእሰያትን ሓላፍነት ዝወስድ መንግስታዊ ኣካል እዩ።
ብዛዕባ መርዓ ካብ ናይ ስድራኺ ዝተፈልየ ርእይቶ እንተ ደኣ ኣልዩኪ፣ ቤት ጽሕፈት ሓልዮት መንእሰያት ይድግፈኪ። ካብ ቤት ጽሕፈት መማኸርቲ ደገፍ ትረኽቢ። ኣብ ቤት ጽሕፈት መማኸርቲ ምስ ዝሰርሓ ደቂ ኣንስትዮ ከኣ ምዝርራብ ትኽእሊ።

ክሰዕ ቃል ኪዳን ዝለዓል ንስኺ እንተ ደለኺ ጥራይን፣ ንሱ ከኣ ኣብ ልዕለኺ ናይ ዓመጽ ተግባራት ዘይፍጽም እንተኾነን፣ ምስ ሰብኣይኪ ሓቢርኪ ክትጸንሒ ትኽእሊ። ወይ እውን ኣብ መቐመጢ መንእሰያት ደቂ ኣንስትዮ ክትዕቆቢ ትኽእሊ። ኣብ መዕቆቢ መንእሰያት ደቂ ኣንስትዮ (ኣዋልድ) ማለት እዩ።

ምልዓል ቃል ኪዳን ኣብ ጀርመን ጥራሕ ተፈላጥነት ይህልዎ። ምልዓል ቃል ኪዳን ኣብ ልዕለኺ ኣሉታው ሳዕቤናት የብሉን።

ናይ 18 ዓመት ዕድመ መሊእኪ ቃል ኪዳንኪ ክለዓል ትደልዪ'ዶ? እምበኣር ምስ በት ጽሕፈት መማኸርቲ ተራኸቢ።

ጥንስቲ ወይ ኣደ ቆልዑ'ዶ ኢኺ? ዋላ ኣብ ከምዚ ኩነታት እውን ሓገዝ ትረኽቢ ኢኺ።

## ትሕቲ 18 ዓመት ከለኹ እንተ ተመርዓውኩ ካብ ጀርመን ክወጽእ' ዶ ይግደድ እየ?



ቀንዲ ነገር:

- ዋላውን ክትርመዓዊ ከለኺ ናይ መበል 18 ዓመት ዕድመ ዘይመላእኪ እንተ ነበርኪ ካብ ጀርመን ንኽትወጽኢ ኣይትግደድን።
- ሰብኣይኪ ናይ ዑቕባ መሰል እንተ ረኸበ ወይ ናይ ስደተኛ ተፈላጥነት እንተ ተዋህቦ፣ ንዓኺውን ከምኡ ይፍቀደልኪ።
- ኣብ ጀርመን መስርሕ ሕቶ ዑቕባ ዝተሓላለኸ እዩ። ብዝሓሸ ደገፍ ትረኽብሉ መገዲ ድለዪ።

ኣይትፍርሒ። ቃል ኪዳንኪ ተፈላጥነት ስለ ዘይብሉ፣ ወይ ከኣ ስለ ዝተላዕለ ጥራሕ፣ ካብ ጀርመን ክትወጽኢ ኣይትግደድን ኢኺ።
ሰብኣይኪ ናይ ዑቕባ መሰል እንተ ረኺበ፣ ወይ ከም ስደተኛ ተፈላጥነት እንተ ተዋህበ'ሞ ናይ ምንባር መሰል እንተ ረኺበ፣ ንዓኺውን እዚ መሰል እዚ ይፍቀደልኪ! ምኽንያቱ ኣብ ሃገርኪ ቃል ኪዳንኪ ብቐጻልነት ተፈላጥነት ኣለዎ። ስለዚውን ንስኺ ከም በዓልቲ ቤቱ ኣብኡ ንዓኺ እውን እቲ ሓደጋ ይምልከተኪ እዩ።

ኣብ ጀርመን መስርሕ ጉዳይ ዑቕባ ኩሉ ሳዕ ቀሊል ኣይኮነን። እቲ ዝበለጸ ደጋፊ እንተ ሃለወኪ እዩ። ስለዚውን ሓጋዚ ርኸቢ። ምስ ትኣምንዮ ሰብ ተዘራረቢ። ብዙሕ ሓበረታት ዝርከቦ መርበብ ኢንተርነት እውን ኣሎ። ፕሮ ኣስዩል „Pro Asyl“ ከኣ ይበሃል። ኣብዚ ኽኣ ትረኽብዮ: www.proasyl.de/en/.

## ጥንስቲ ወይ ኣደ ቆልዑ እንተ ኾንኩ እንታይ የጋጥመኒ?



ቀንዲ ነገር:

- ኣብ ጀርመን ዋላውን ኣብዚ ንዘይተወልዳ ኣዴታት ሓገዝ ይግበረለን።
- ንቃል ኪዳንኪ ተፈላጥነት እንተዘይተዋህበ፣ ውላድኪ ብሓላፍነትኪ ናይ ምዕባይ መሰል ኣለኪ። እዚ ኸኣ ንስኺ ናይ ደቅኺ ናይ ምዕባይ ሓላፍነት ይህልወኪ ማለት እዩ። ሰብኣይኪ ሽዑ ንሽዑ ናይ ከም ኣቦ ተፈላጥነት ኣይህልዎን። ንስኺ ናይ 18 ዓመት ዕድመ ክሳዕ ትመልኢ ንደቅኺ መጉዚት ይግብረሎም። መጉዚትኪ ኣብ ከቢድ ጉዳያት ይሕግዘኪ። መጉዚት ሰበይቲ ወይ ሰብኣይ ክኾኑ ይኽእሉ። መጉዚትኪ ሰበይቲ ክትኮነልኪ'ዶ ትደልዪ ኢኺ? ድልየትኪ ኣነጺርኪ ግለጺ።
- ቃል ኪዳንኪ እንተ ተላዕለ፣ ኣቦ ደቅኺ ሽዑ ንሽዑ ከም ኣቦ ይፍለጥ። ክልቴኹም ከኣ ናይ ምዕባይ ሓላፍነት መሰል ይህልወኩም። እዚ ኸኣ ክልቴኹም ናይቶም ቆልዑ ናይ ምዕባይ ሓላፍነት ይህልወኩም ማለት እዩ።

---

ቆልዑት እንተ ደኣ ኣልዮሙኺ ወይ ከኣ ጥንስቲ እንተ ደኣ ኴንኪ ኩነታትኪ ቀሊል ኣይኮነን። ብፍላይ ከኣ ናብ ጀርመን ካብ ወለድኺ ተፈሊኺ እንተ ደኣ መጺኢኪ። ግን ከኣ ኣጆኺ በይንኺ ኣይኮንክን፣ ኣብ ጀርመን ነዴታት ልዑል ሓገዝ ይግበረለን እዩ! ዋላ እውን ነተን ኣብዚ ዘይተወልዳ ወይ ከኣ ዘይዓበያ ኣዴታት። ንኣብነት ብፍላይ መንእሰያት ኣዴታት ምስ ደቀን ዝቕመጣሉ መዕቆቢ ኣሎ።

ቃል ኪዳንኪ ተፈላጥነት' ዶ ኣይረኸበን እዩ?
ከምኡ እንተ ደኣ ኮይኑ ንስኺ በይንኪ ናይ ደቅኺ *ናይ ምዕባይ መሰል* ኣለኪ። ናይ ምዕባይ መሰል፣ በቲ ነቲ ህጻን ሓላፍነት ዝወስድ ሰብ ይውሰን ፤ ሙብዘሕትኡ ግዜ ኸኣ ወለዲ እዮም።
ሰብኣይኪ ብዘይ ገለ መስርሕ ኣቦ ተባሂሉ ክፍለጥ ኣይከኣልን። ንኣቦነቱ፣ (ወግዓዊ ኣቦ ከም ዝኾነ) ግና ከም ዝፍለጡ ክገብር ይኽእል። ንኣብነት ብቤት ጽሕፈት ሓልዮት *መንእሰያት* ኣቢሉ። ኢዚ ከኣ ግዜ ይወስድ ።
ቤት ጽሕፈት ሓልዮት መንእሰያት መንግስታዊ ትካል እዩ። ዕዮኡ ከኣ ንህጻናትን መንእሰያትን ምድጋፍ እዩ።
ቤት ጽሕፈት ሓልዮት መንእሰያት ነቲ ኣቦነት ምስ ፈለጦ ክልቴኹም መሰል ምዕባይ ይህልወኩም።

ክሳዕ ንስኺ ናይ 18 ዓመት ዕድመ ትመልኢ ንደቅኺ መጉዚት ይግበረሎም። መጉዚት ንደቅኺ ሓላፍነት ይውስደሎም። መጉዚት ሰበይቲ ወይውን ሰብኣይ ክኸውን ይኽእል። ከም መጎዚት ሰበይቲ ክትኮነልኪ'ዶ ትመርጺ? ድልየትኪ ኣነጺርኪ ግለጺ። መጉዚት ኣብ ኣጸጋሚ ኩነታት ይሕግዝ። ኣብ ትሕቲ ናይ 18 ዓመት ዕድመ ትርከቢ እንተ ደኣ ኴንኪ ንኹሉ ነገራት ክትፍርሚ (ክትክትሚ) ኣይትኽእልን። ነዚ መጉዚት ምሳኺ እናተማኸረ ይፍጽሞ። ንስኺ ዘይብሉ ውሳነ ግና ክገብር ኣይክልን። ንደቅኺ ብቐጻልነት ከም ትኣልይዮም ኸኣ ርዱእ ኢዩ።

ቃል ኪዳንኪ'ዶ ተላዒሉ'ዩ?
ሰብኣይኪ ከም ኣቦ ደቅኺ ይፍለጥ። ክልቴኹም *መሰል ምዕባይ* ይህልወኩም። እዚ ከኣ ክልቴኹም ሓላፍነት ምዕባይ ናይ ደቅኹም ትወስዱ ማለት እዩ።
መሰል ምዕባይ ናይ በይንኺ ክኸውን'ዶ ትደልዪ ኢኺ? ነዚ ዝውስን ቤት ፍርዲ እዩ። ኣብዚ ኸኣ ጋና ኣብ ትሕቲ ናይ 18 ዓመት ዕድመ እንተ ደኣ ሃሊኺ፣ መጉዚትኪ ይሕግዘኪ።

# ናይ መማኽርቲ ቤት ጽሕፈታት ኣብ ጀርመን



ኣብ ጀርመን ቀልጢፈን ንዝተመርዋን፣ ክምርዓዋ ንዝተገደዳን መንእሰያትን እኹላትን ደቂ ኣንስትዮ ዘማኽራ ቤት  ጽሕፈታት ኣለዋ። መማኸርቲ ከመይ ገይረን ክሕግዛኺ ከም ዝግብአን ኣጸቢቐን ይፈልጣ እየን። ኣብ ጎንኺ ከኣ እየን ደው ዝብላ። ስምኪ ከይገለጽክለን እውን ክሕግዛኺ ይኽእላ እየን። እዚ ማለት ከኣ ሽዑ ንሽዑ ስምኪ ክትነግርየን ኣይትግደድን ማለት እዩ።

ምናልባሽ ጋና ቋንቋ ጀርመን ዘይመልኽኪ እንተ ደኣ ኴንኪ፣ ዝተፈላለየ ቋንቋታት ዝመልካ እየን፣ ወይውን ዝተፈላለየ ቋንቋታት ትኽእል፣ ኣብ ልዕሊ ንጀርመን ናትኪ ቋንቋ እውን ትኽእል ተርጓሚት ከምጽኣልኪ ይኽእላ። ደገፍ ክትጠልቢ ከኣ መሰልኪ ኢዩ።
ገለ ናይ መማኽርቲ ቤት ጽሕፈታት ደሊናልኪ ኣለና።

**www.zwangsheirat.de**

# መሰል ህጻናት ኣብ ጀርመን



ስለምንታይ ደኣ እዩ ኢዚ ሓድሽ ሕገ'ዚ ኣድልዩ? ምኽንያቱ ርዱእ'ዩ፡ ንዓኽን ንኩሎም ካልኦት ቆልዑን መንእሰያትን ከኣ እዩ ተገይሩ። ኣብ ጀርመን መሰላት ህጻናት ኣዝዩ ኣገዳሲ'ዩ። መሰላት ህጻናት ከበሃል ከሎ ህጻናት ናይ ገዛእ ርእሶም መሰላት ኣለዎም ማለት እዩ። ሓድሓደ ግዜ መሰላት ህጻናት ልዕሊ መሰላት ወለዲ እዮም። ስለዚ'ውን ወለድኺ ኩሉ ንዓኺ ዝምልከት ጕዳይ ክውስኑ ኣይክእሉን። ንኣብነት ንመን ክትምርዓዊ ከም ዘልኪ ክውስኑ ኣይክሉን፣ ብፍላይ ከኣ ናይ 18 ዓመት ዕድመ ከይመላእኪ ከለኺ።

ኣብ ትሕቲ 18 ዕድመ ዓመት ዝግበር ቃል ኪዳን ኣብ ጀርመን ብሻቕሎት እዩ ዝረኣይ። ብሃንደበት ኣብ ደረጃ ዓበይቲ ትስርዒ ኣለኺ ማለት እዩ። ምስኡ ተተሓሒዙ ኸኣ ጾር ኸኣ ኩሉ ሓላፍነታትን ዕዮታትን ኣለዎ። እዚ ንዓኺ ልዕሊ ዓቕምኺ ኮይኑ ክከብደኪ ይኽእል።

እቲ ቀንዲ ነገር፡ ኩሎም ህጻናት ክጻወቱን ናጻ ኮይኖም ክዓብዩን ተኽእሎታት ክህልዎም ኢዩ። ክምሉውን ክመሃሩ። ስለዚ ከኣ እዩ ኣብ ጀርመን ናብ ቤት ትምህርቲ ናይ ምኻድ ግዴታ ዘሎ። እዚ ኸኣ ነፍሲ ወከፍ ቆልዓን፣ መንእሰይን ናብ ቤት ትምህርቲ ንኽኸይድ ይግደድ ማለት እዩ። ኢዚ ግዴታ ኢዚ ዋላውን ነቶም ኣብ ጀርመን ዘይተወልዱ ቆልዑ ዝምልከት እዩ።

ኣብ ቤት ትምህርቲ ጽቡቕኪ ዝደልዩን፣ እናተገደሱ ንክሕግዙኺ ዝሰርሑን መማህራን ኣለዉ። ስለዚውን ሻቕሎትን ጸገምን ክህልወኪ ከሎ ካባቶም ሓገዝ ክትሓቲ ትኽእሊ።

ኣብ ገዛኺ ንዘጋጥመኪ ዓበይቲ ጸገማት፣ (ንኣብነት ማህረምቲ) ፖሊስ እውን ክሕግዙኺ ይኽእሉ። ምስ ወለድኺ ግርጭት እንተ ደኣ ኣለኪ እውን ፖሊስ ይድግፉኺ። ካብ *ቤት ጽሕፈት ሓልዮት መንእሰያት* ብፍላይ ንህጻናትን መንእሰያትን ተመሳሳሊ ሓገዝ ይወሃብ።

# ቴር ደፋም TERRE DES FEMMES

TERRE DES FEMMES (ቴር ደፋም) ብ1981 ዝተመስረተ ናይ መንእሰያትን እኹላትን ደቂ ኣንስትዮ ውድብ ኢዩ። ንመንእሰያትን እኹላትን ደቂ ኣንስትዮ ንድግፍ። እዚውን ብግብሪ ንሕግዝ ማለት ኢዩ። ዋላ ሓደ ወይ ዋላ ሓንቲኳ ኣይፈለጥናን ከይብል ንኹሎም ሰባት ብዛዕባ ኣብ ርእሲ ደቂ ኣንስትዮ ዝፍጸም ዓመጽ ንሕብር። ፖለቲከኛታት ንመንእሰያትን እኹላትን ደቂ ኣንስትዮ ዝጠቅምን ካብ ዓመጽ ዝከላኸልን ሕጊታት ንኽሕግጉ ጠለብና ነቕርብ። ንመንእሰያትን እኹላትን ደቂ ኣንስትዮ ዘሐይል ፕሮጀክትታት ንድግፍ፣ መሰላተን ከኣ ነረድአን። ኣብ ወጻኢ ሃገራት እውን ናይ ደቂ ኣንስትዮ ፕሮጀክትታት ንድግፍ። ካብ ጀርመን ወጻኢ ማለትና ኢና። ካብ ዝኾነ ተመርኲስነትን ተጸጋዕነትን ከኣ ናጻ ኢና። ኩሉ ሳዕ ከኣ ኣብ ጎኒ መንእሰያትን እኹላትን ደቂ ኣንስትዮ ደው ንብል።

## ስራሕ

TERRE DES FEMMES
Menschenrechte für die Frau e.V.

## ምሕጋዝ

Bündnis für Kinder

jfsb

Werner-Coenen-Stiftung
Stärkung von Familien und Jugendlichen

Treuhänderische Stiftung
bei der Jugend- und Familienstiftung
des Landes Berlin

# ርኽብ - IMPRINT

**TERRE DES FEMMES - Menschenrechte für die Frau e. V.**
Brunnenstr. 128
13355 Berlin

Phone: +49 (0)30 40 50 46 99 0
E-Mail: info@frauenrechte.de
www.frauenrechte.de

Representative Board:
Ulrike Mann (Chairwoman), Christa Stolle (General Director), Theresa Fuchs, Dr. Necla Kelek

Address of the Representative Board:
TERRE DES FEMMES - Menschenrechte für die Frau e. V.
Brunnenstr. 128
13355 Berlin

Registry Court: Amtsgericht Charlottenburg
Register Number: VR 30619 B

Value Added Tax Identification Number according to Article 27a of the Value Added Tax Act: DE813451336

Responsible according to Article 7 German Teleservices Act:
Christa Stolle, General Director

Liability Note:
Despite carefully controlling the content, we do not assume liability for the content of external links. Please note that the operators of the external websites are exclusively responsible for the content of their links.

Last updated: January 2024